**ኣቶምን ሞሎኪዩልን:**




ኣቶማት፡ ነቲ ኣብዙርያና ዝርከብ ኩሉ ነገር ዚሃንጹ፡ ዝነኣሱ ክፋላት ናይ ሓደ ነገር እዮም። ኣቶም፡ ብብዙሓት ፖርቲክል ኢልና ንጽውዖም ኣዝዮም ደቀቕቲ ብዝኾኑ ቁርጽራጻት ዝየሃንጸ እዩ። ብፖዘቲቭ ናይ ኤሌክትሪክ ቻርጅ ዝተመልኡ ፖርቲክል ፕሩቶን፣ ብነጌቲቭ ናይ ኤሌክትሪክ ቻርጅ ዝተመልኡ ፖርቲክል ድማ ኤሌክትሮን ይብሃሉ። ዝኾነ ናይ ኤሌክትሪክ ቻርጅ ዘይብሎም ፖርቲክል ድማ ኒውትሮን ይበሃሉ። ኒዩክለስ (ሕምብርቲ ኣቶም) እቲ ኣብ ማእከል ናይ ሓደ ኣቶም ዝርከብ ቦታ ክኸውን ከሎ፣ ብፕሩቶንን ብኒውትሮንን ዝተሃንጸ እዩ። ኤሌክትሮናት ኣብ ዙርያ እዚ ኒውክለስ ይዘሩ።

ኣቶም ኣዝዮም ንኣሽቱ ስለዝኾኑ፡ ብዓይንንና ክንርእዮም ኣይንክእልን። ስለዚ ኣቶም እንታይ ከምዝመስሉ ዘረድእ ሞዴል ኢና ንጥቀም። ሓደ ሞዴል ነቲ ክዉን ዝኾነ ነገር ብቅልል ዝበለ መገዲ ዘረድእ መግለጺ እዩ። ንኣቶማት ክንገልጽ ከለና መብዛሕትኡ ጊዜ ንጥቀመሉ ሞዴል ነቲ ሼል ሞዴል ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሞዴል እዩ። ኣብ ሼል ሞዴል፡ ኤሌክትሮናት፡ ካብ ኒውክለስ ዝተፈላለየ ርሕቀት ኣብ ዘለዎም ዓንኬላት (ሼል) እዮም ዝዞሩ። እቲ ናይ መጀመርያ ሼል (ናብ ኒውክለስ ዝቐረበ ዓንኬል)፡ ክሳብ ክልተ ኤሌክትሮን ክሕዝ ይኽእል። እቲ ዝቅጽል ሼል ክሳብ ሸሞንተ ኤሌክትሮን ክሕዝ ይኽእል። ሓደ ናይ ኦክስጂን ኣቶም፡ ሸሞንተ ኤሌክትሮናት ኣለዎ። ስለዚ ክልተ ኤሌክትሮን ኣብቲ ናይ መጀመርያ (ብውሽጢ ዘሎ) ሼል፣ ሽዱሽተ ኤሌክትሮን ድማ ኣብቲ ቀጺሉ ዘሎ ሼል ይኾኑ ማለት እዩ።




ሃይድሮጂንን ሂልየምን ክልተ ዝንኣሱን ቅልል ዝበሉን ኣቶም እዮም። ሃይድሮጂን ሓደ ፕሩቶንን ሓደ ኒውትሮንን ጥራይ ኣብ ኒውክለስን፣ ሓደ ኣብ ዙርያ ኒውክለስ ዝዘውር ኤሌክትሮንን ኣለዎ። እቲ ኣብኡ ዘሎ ኤሌክትሮንን ፕሮቶንን ዘይጸላሎ (ኒዩትራል) ይኸውን። እዚ ድማ ነቲ ኣቶም ዝኾነ ናይ ኤሌክትሪክ ቻርጅ ከምዘይህልዎ ይገብር። ብኸምዚ ድማ እቲ ኣቶም ኒውትራል (ዝሁም) እዩ። ኣቶም ሂልየም፡ ክልተ ፕሮቶንን፣ ክልተ ኒውትሮንን ክልተ ኤሌክትሮንን ኣለዎ። ካብ ኣቶም ሃይድሮጂን ድማ ዕብይ ዝበለ እዩ።

ሓደ: ብሓደ ዓይነት ተመሳሰልቲ ኣቶም ዝቆመ ነገር፡ ባእታ ወይ ኤለመንት ይበሃል። እቲ ነገር ኣየናይ ባእታ ከምዝኾነ ዝውስኖ፡ እቲ ኣብቲ ኣቶም ዘሎ ኒውክለስ ዚሕዞ ብዝሒ

ፕሮቶን እዩ። ኣብ ተፈጥሮ 92 ባእታታት ወይ ኤለመንት ይርከብ። ኩላቶም ባእታታት ነናቶም መለለዪ ምልክት ኣለዎም። መለለዪ ምልክት ናይ ባእታታት ሓደ ወይ ክልተ ፊደላት እዮም። ኦክሲጂን (O)፣ ሃይድሮጂን (H)፣ ወርቂ ወይ ጎልድ (Au) ፣ ብሩር ወይ ሲልቨር (Ag) ገለ ኣብነታት ናይ ባእታታት ወይ ኤለመንት እዮም።.

እቶም ዝበዝሑ ኣቶማት፡ ብሓባር ክኾኑ ይደልዩ እዮም። እዚ ድማ ኣቶማት ነቲ ግዳማዊ ሼል ብኤሌክትሮን ምምላእ ስለ ዝደልዩ እዩ። ኣቶማት ንኤሌክትሮናት ብምክፋል፡ ነቲ ግዳማዊ ሼል ክመልኡ ይኽእሉ። ንኤሌክትሮን ብምክፋል ብሓባር ዝተላገቡ ኣቶማት፡ ሞለኪዩል ተባሂሎም ይጽውዑ። ክልተ ናይ ሃይድሮጂን ኣቶማት፣ ኤሌክትሮን ክካፈሉ ይኽእሉ እዮም። ምስተላገቡ፡ ነፍስ ወከፍ ኣቶም ኣብቲ ግዳማዊ ሼል ክልተ ኤሌክትሮን ይህልዎ። ሕጂ እዚ ሼል እዚ ሙሉእ ኮይኑ ኣሎ ማለት እዩ። እቶም ክልተ ናይ ሃይድሮጂን ኣቶማት (H) ድማ፡ ሓደ ናይ ሃይድሮጂን ሞለኪዩል ($H_2$) ይኾኑ። ክልተ ናይ ሃይድሮጂን ኣቶማት (H) ምስ ሓደ ናይ ኦክስጂን ኣቶም (O) ምስ ተላገቡ፡ ሓደ ናይ ማይ ሞለኪዩል ($H_2O$) ይፈጥሩ። ስለዚ ማይ እውን ሞለኪዩል እዩ።

